ንጠቆስጠ 31 ግንቦት 2015

ው,7፤37-52 ፡ 8፤12

ሎሚ መዓልቲ እምበኣር ብዛዕባ ዉቑብ ስእሊ ከነኽብር ኢና፤ንሱ ድማ እቲ ብ ሩስያዊ ቀባኢ ዝተሳእለ ስእሊ ስላሴ እዩ። ጽባሕ ድማ ብዛዕባ ግሉጽነት እግዝኣቢሄር ናብ ደቂ ሰባት ብ መልክዕ ስጋ ክንዝክር ኢና ። ሎሚ መዓልቲ እምነት ክርስትና ዘውዲ ስላሴ ዝዝክረሉ መዓልቲ እዩ ። ስላሴ ማለት ከኣ ኣብ ፤ ወልድ ፤ መንፈስ ቁዱስ እዮም ንሳቶም ብኣካላት ሰለስተ ብ መለኮት ከኣ ሓደ እዮም ። ሎሚ መዓልቲ ከኣ ብ ዛዕባ ዉቑብ

ክርስትያናዊ ስእሊ ስላሴ ከነኽብር ኢና ። እዚ ስእሊ ስላሴ እዚ ብሩስያዊ ቀባኣይ Sergey Rublev ዝተሳእለ እዩ ። እዚ ስእሊ እዚ ድማ ርእሲ ኩሎም ቁዱሳን ኣሳእል ክርስትያን ከም ምልክት እታ ብ መርዓት ክርስቶስ እትምሰል ቤተክርስትያን ኮይኑ ይርከብ ። መልእኽቲ ናይዛ ሰለስትነትን ሓድነትን እትገልጽ ስእሊ ስላሴ ኣብ ወንጌል ሰፊሩ ነረኽቦ። ኣምላኽ ቡቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ኩሉ ናይ ዘልኣለም ህይወት ምእንቲ ክረክብ እምበኣር ፤ ከይ ጠ ፍእሲ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዝህብ ፤ክሳዕ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ ፤/ዮው -3፤16/።

እዚ ሩስያዊ ቀባኣይ ኣብቲ ካብ 1360-1430 ናይ ኦርቶዶክስ ቤተክርስትያን ኣብ ጸልማትን ሕማቅን ግዜ ኣትያትሉ ኣብ ዝነበረ ታሪኽ እዩ ዝነብር ኔሩ ። እንተኾ ግን ንሱ ኣብ ውስጡ ብርቱዕ ፍቅሪ ኣምላኽ ነበሮ ። ኣዚ ዓይነት ፍቅሪ ኣምላኽ እንተዘይ ነብሮ ኔሩ ፡ነዚ ሕ ጂ ምልክት ወይ ኣር ማ ቤተ ክርስትያን ኮይኑ ዘሎ ስእሊ ስላሴ ክስእል ኣይምበቀዐን ኔሩ ። ምኽንያቱ "ኣምላኽ ፍቅሪ እዩ እሞ ፡እቲ ዘየፍቅር ን ኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ"፤ዮዉ ፡-4፤8 ። ን ኣምላኽ ዝረኣዮ ሰብ ስለዘየለ ብዝ ተወሰነ ነገር ጌርካ ክትውስኖ ኣይከኣልን እዩ ። ብዘይካ ነቲ ብ መ ል ክዕ ስጋ ዝተገልጸልና ጎይታናን መድሓ ኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ፡ ን ኣብ ኮነ ን መን ፈስ ቁዱስ ስእሊ ጌርካ ምቅራብ ኣይከኣልን እዩ ።

ኣምላኽ ወይ ድማ ስላሴ ፍቅሪ እዮም ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ፍ ቅሪ እንድ ሕር ኣሎ ህላወ ናይቲ ሳልሳይ ፍቅሪ ውን ግድን እዩ ፡ንሱ ከኣ እቲ ፍቅሪ ባዕሉ እዩ ። እቲ ፍቅሪ ምስቶም ክልተ ኣካል ተዋሃሂዱ ከኣ ሰለስትነት ዘለዎ ፍቅሪ ይኸውን ፡እቶም ክልተ ዝነበሩ ከኣ ሰለስተ ይኾኑ።ናይ ብሓቂ ፍቅሪ [illegible] ኣይኮነን፡እንታይ ደኣ ክፉት እዩ ።ንሱ ን ሳልሳይ ይዕድም ከምኡ ውን ነቲ ሳልሳይ ፍቅሪ ምውጋድ እንታይነት ምስጢር ናይ ሓቀኛ ፍቅሪ ኣይኮነን ። ፍቅሪ ኩሉ ግዜ ሱሉሳዊ እዩ ፡ ኣምላኽ ፍቅሪ እዩ ። ስላሴ ሓደ ይኾኑ ሰለስተ ይኾኑ ኣብ ፡ ወልድ ፡ መንፈስ ቁዱስ ብ ኣካል ሰለስተ ብ መለኮት ሓደ እዮም ።

ኣምላኽ ንብርሃን ፡ ኣብ ልዕሊ ማያት ዘሎ ሰማይ ፡ ሳዕሪ ፡ ኣዝርእቲ ፡ ኮዋኽብቲ ፡ ጸሓይን ፕላኔታትን ፡ ኣዕዋፍ ፡ ለመምቲን እንስሳታትን ከም ዝፈጠረ መጽሓፍ ቁዱስና ይነግረና ። ንሱ ንኹሉ ነገር ይኹን እንዳበለ ብትእዛዝ ፈጠሮ ጽቡቅ ከም ዝኾነ ድማ ረኣየ ። ሰብ ቅድሚ ምፍጣሩ ግን ሓደ ነገር ኮነ ፡ ንሱ ድማ እግዝኣቢሄር "ብ መልክዕና ከም ምስልና ሰብ ንፍጠር" ዘፍ፡ 1:26 ኢሉ ተዛረበ እምበር ኣይኣዘዘን ። በዚ ከኣ ኣምላኽ ን ሰብ ቅድሚ ምፍ ጣሩ ኣኽቢርዎ እዩ ። እዚ ክብሪ እዚ ከኣ ካልኣይ ግዜ ኣብ ሓድስ ኪዳን ኣብ ወንጌል ተደጊሙ እዩ "ዝጸምአ እንተሎ ናባይ ይምጻእ እሞ ይስተ" ዮዉ ፡ 7:37 ኢሉ ኢየሱስ ተዛረበ ። እዚ ቃል እዚ ትእዛዝ ኣይኮነን ፡ ይኹን ዝብል እውን ኣይኮነን እንታይ ደኣ እዚ ቃል እዚ ናብኡ ብ ፍቅሪ ክንመጽእ ዝዕድም እዩ ። ከምቲ ኣብ መጀመርታ ኣምላኽ ብ ፍቅርን ሙሉእ ናጽነትን ን ሰብ ብመልክዑን ምስሉን ዝፈጠሮ እዩ ። እዚ ናይ ፍቅሪ ዕድመ እንበኣር ኣብ ኦሪትን ኣብታ ብ ሩስያዊ ቀባኢ ዝተሳእለት ናይ ስላሴ ስእልን ተገሊጹ ኣሎ ። እታ ናብ እዚ ዕድመ መኣዲ ኣምላኽ መእተዊ ዝኾነት ማዕጾ ዉን ክፍትቲ እያ ። ኣብ ራእይ ዮዉሃንስ ተጻሒፉ ከም ዘሎ "እኖሆ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ የብል ኣሎኹ ፡ ሓደ እኳ ድምጻይ ሰሚዑ ማዕጾ እንተከፈተለይ፡ናብኡ ክኣቱ ምስኡ ኣብ መኣዲ ክቅመጥ እየ" ራእይ ዮዉ 3:20

ስላሴ (ኣብ ፡ ወልድ ፡ መንፈስ ቁዱስ) ገለ ግዜ ብ ተምሳል መልኣኽቲ ይግለጹ እዮም ። ንኣብነት ን ኣብራሃምን ሳራ ሰበይቱን ኣብ ተን ዓበይቲ ኣእዋም መምሬ ዘለዎእ ብ መልክዕ ሰለስተ ሰብኣይ እግዛኣቢሄር ተገልጸሎም፡ ዘፍ 18:1። ኣብታ ስእሊ ሰለስቲኦም (ስላሴ) ንሓድሕዶም ጽን ይብሉ ። እዞም ሰለስተ ኣካላት ብ ትሕትና ይዘራረቡ ፡ ይሓቱን ይምልሱን ብ ትሕትና ድማ ይጽበዩ ። ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ሰብ ብ ምስልን መልክዕን ኣምላኽ ይዘራረቡ ። ከምኡ ዉን ብዛዕባ ግ ብሪ ሰብ ይዘራረቡ ፡ ኣምላኽ ከኣ "ፍረዩን ተባዝሑን ን ምድ ሪ ኸኣ ምልእዋን ምለከዋን ፡ ን ዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ኣብ ምድሪ ለመም ን ዝብል ኩሉ እንስሳን ከኣ ግዝኡ ፡ እናበለ ባረኾም" (ዘፍ፡-1:28)። ንፍጥረታት እዛ ዓለም ክንንከባኸብ ከምዘለና እዩ ።ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ ፡ ብ መልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ ፡ ተባዕታይን ኣንስታይን ጌሩ ፈጠሮም፡ (ዘፍ ፡-1:27)። ምስ ፈጠሮም ድማ ባረኾምን ቀደሶምን እሞ ኣብ ገነት ከኣ ሙሉእ ናጽነት ሃቦም ። ን ሰብ ክሳዕ ክንድዚ ኣኽበሮ ክንዲ ዝኾነ ብሰንኪ ሓይጣትናን በደልናን ኣብ ክንዲ ነቲ ዝተዋሃበና ናጽነትን ፍጹምነትን

ምሕዳግ ንዓና ካብ ሓይጣት ከድሕን ሓይጣት ዘይብሉ ክነሱ ኣብ ቅድሚ ሰብ ተዋረደን ተቀጥቀጠን ኣብ መስቀል ተሰቅለን። ኣብ ስእሊ ስላሴ ናይ ሓዘን ኩነትን ንእስቶይ ዘየሕጉስ ትርኢትን ኣሎ ። ስለምንታይ? ሓዘንን ዘየሑጉስ ትርኢትን ብ መሉእ ናጽነት ስለ ዘጋጥም እዩ ። ስለምንታይ?ምኽንያቱ ሰብ ነቲ ዝተዋህቦ ናጽነት ብ ጉቡእ ስለዘይተጠቀመሉ : ምኽንያቱ ነቲ ንሰብ ዝሃቦ ናጽነት ከሕድጎ ይከኣሎ እዩ በዚ ምኽንያት
ነቲ ነዚ ናጽነት ዝሃበ ፈጣሪ ሕማቅ ተሰምዖ : እቲ ብዘይ ኣገባብ ዝተጠቀመሉ ሰብ ከኣ ብሰንኪ በደሉ ሓዘን ተሰምዖ
ነቲ ነዚ ናጽነት ዝሃበ ፈጣሪ ኣብ ልዕሊ እቲ ናጽነት ዝተዋህበ ሰብ እሞ ብዘይ ኣገባብ ዝተጠቀመሉ ቁጠዐ ኣርኣየ ጥራይካ ም኿ንካ ደኣ መን ነገረካ : ካብታ ኣይትብላዕ ኢለ ዝኣዘዝኩኻ ኣም ዶ በሊዕካ ኢኻ : ዘፍ:- 3:11) እቲ ሓይጣተኛ ዉን ኣብ ቅድሚ ፈጣሪኡ ውርደት ይሰምዖ እሞ "እዛ ምሳይ ክትከውን ዝሃብካኒ ሰበይቲ ካብታ ኦም ሃበትኒ ሞ በላዕኩ: ዘፍ :- 3:12 " ። ሰብ ሓይጣት ፈጺሙ ካብ ኣምላኽ ይርሕቅ : ታሪኽ ሰብ ግን ኣምላኽ ን ሰብ ካብ ሓይጣት ዘጽውዓሉ ታሪኽ እዩ : "ኣምላኽ ድማ ን ኣዳም ጸዊዑ ኣበይ ኣሎኻ በሎ " ዘፍ:- 3:9 ። እግዛኣቢሄር ንፍጥረቱ ኣዝዩ ነለ ዘፍቅሮ እዩ ስጋ ለቢሱ ሰብ ኮይኑ ካብ ሓይጣቱ ከድሕኖ ዝመጸ ። ኣብ ክንዳና ከኣ በጃ ኮነ "ሰብ ንህይወቱ ኣብ ክንዲ ዕሩኹ በጃ ከሕልፍ ካብዚ ዝዓቢ ፍቅሪ የልቦን: ዮዉ :-15:13 ። እዚ ዓይነት ፍቅሪ እዚ ክሳዐ ሞት ዝሓትት ፍቅሪ ኦይኑ። እታ በዚ ሓቀኛን ሓያልን ፍቅሪ ተደሪኹ ዝተሰቅለላ መስቀል ውን ምልክት እምነትና
ነት። ኣቦ ምእንታና ን ፍቅሪ (ወልድ) ክስቀል ሓረየ : ፍቅሪ (ወልድ) ተሰቅለ : መንፈስ ቁዱስ ከኣ ን ሞት ብ ፍቅሪ (ወልድ) ነዒሩ ተዓወተ ።

እግዛኣቢሄር ን ኣብራሃም ኣብተን ዓበይቲ ኣእዋም መምሬ ዘለዎእ ተገልጸሉ : ዘፍ:-18:1 ። ኣብራሃም ድራር ኣዳለወሎም ንሳቶም ድማ በልዑ ። እዘን ዓበይቲ ኣእዋም መምሬ ሎሚ ኣብ ዉስጢ ቤተክርስትያን እዮን ዘለዋ ምኽንያቱ መኣዲ እግዛኣቢሄር ኣብቲ ቤተክርስትያን ስለ ዝኾነ ። ገለ ካባኻትኩም ኣብዚ መኣዲ እግዛኣቢሄር ንምስታፍ ካብ ርሑቕ ዝምጸኹም ኣለኹም ። ኣብቲ ምእንታና ዝተበጀወ ስጋኡን ደሙን መኣዲ ንምስታፍ መጺኹም ኣለኹም። ኣብ ቤት እግዛኣቢሄር ኣምላኽ ክሳብ ዝሃለኹም ኣጋይስ ኣይኮንኩምን በጸሕቲ ዉን ኣይኮንኩምን : ምኽንያቱ እቲ ናብ ኣምላኽ እንጽልየሉ ቤት : ቤተ ክርስትያን ቤት ኩልና ስለ ዝኾነ ። ኣብራሃም ከኣ ፍግም ኢሉ ናብቶም ሰለስተ ሰብኣይ ከምዚ በለ : "ኦጎይታይ ኣብ ቅድሜኻ ሞሳ እንተዳእ ረኺበስ : በጃኻ ን ባርያኻ ጎሲኻኒ ኣይትሕለፍ" ዘፍ :-18:3 ከምኡ ዉን ንዓና ን ባሮቱ እግዛኣቢሄር ጎሲና ከይሓልፍ ንለምኖ ። እግዛኣቢሄር ኣምላኽ ሰማዕ ኣምላኽ ስለ ዝኾነ እንተለሚንናዮ ጎስዩ ኣይክሓልፈናን እዩ ከምቲ ን ኣብራሃም ጎስዩ ዘይሓለፎ ። ባዕልና እንተዘይ ኣቢና ኣብቲ መኣዲ እግዛኣቢሄር ክንሳተፍ እግዛኣቢሄር ዓዲሙና እዩ ። ናብ መኣዲ እግዛኣቢሄር እተእቱ መእተዊት ማዕጾ ኣላ : እዛ ማዕጾ እዚኣ ክፍትቲ እያ ። ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ወንጌል ብ ምስላ እንዳ ገበረ ብቡዙሕ መንገዲ ገሊጽዎ ኣሎ ። ን ኣብነት ኣብ ወንጌል ማቴዎስ :-22:1 ክሳብ 14 ዘሎ ጽሑፍ : መርዓ ተዓዲምም ዝመጹን ዝኣበዩን ከምኡ ዉን ኣብ ወንጌለ ሉቃ :- 14 : 15 ክሳዕ 24 ዘሎ ጽሑፍ ። ዋላ እኳ ኣብ ዘፍ :-18:1 ክሳዕ 8 እቶም ሰለስተ ሰብኣይ ኣብቲ ከም ዝተቀረቡ እንተተጻሕፈ እቲ መኣዲ እቲ ግን ን ኩላትና ህዝቢ ክርስትያን ዝተዳለወ መኣዲ እዩ ኩሉ ክርስቲያን ከኣ ናብቲ መኣዲ ክሳተፍ ዝተዓደመ እዩ ። ብዛዕባ እዚ ዕድመ መኣዲ እግዛኣቢሄር ምስታፍ ኣብ ራእይ ዮዉሃንስ ዉን ተጻሒፉ ይርከብ : ከምዚ ድማ ይብል:- "እነሆ ኣብ ኣፍ ደገ ደው ኢለ ማዕጾ ኳሕኳሕ የብል ኣሎኹ : ሓደ እኳ ድምጸይ ሰሚዑስ ማዕጾ እንተከፈተለይ : ናብኡ ክኣቱ ምስኡ ኣብ መኣዲ ክቅመጥ እየ" ራእይ ዮዉ 3:20 ።

ኣሜን !

F.Benedict